# ዘመነ ኣስተርእዮ

19 ጥሪ - 12 የካቲት 2006

ካብ በዓል ጥምቀት ክሳዕ ጾም ዚኣቱ ዘሎ ጊዜ *ዘመነ ኣስተርእዮ* ይበሃል። ኣስተርእዮ ናይ "ረአየ" ኣስተርጋብር ኢዩ፡ ትርጕሙ ከኣ፡ "ኣስተርአየ ዘኢያስተርኢ" *"ንቲ ኪረአ ዘይክእል ከምዚረአ ገበረ"* ወይ "ገለጸ" ማለት ኢዩ። በዚ ጊዜ ዚንበብ ንባባት ቅ. መጽሓፍ፡ ኣርኣየ፡ ኣግሃደ፡ ገለጸ፡ ወይ ተመሳሳሊ ቃላት ዚርከቡሉ ጥቕስታት ይንበብ፡ ከምኡ ድማ ጥምቀት ኢየሱስን ጥምቀት ክርስትናን ፍሬኡን ይጥቀስ።



ንኣብነት ኣብ *መዓልቲ ጥምቀት* ንርእሱ፡

**ቀዳማይ** ቲቶ 3፡ 4 *"ወአመ ኣስተርአየ ምሕረቱ"* "ምሕረቱ ምስ ገለጸ . . ."

**ሣልሳይ** ንባብ ግ.ሓ. 10፡ 34 - 39 *መንፈስ ቅዱስ* ንኢየሱስ ኣብ ጥምቀቱ ብኃይሉን ብመንፈሱን ከምዝቀብኦ እሞ (ኢየሱስ) ንሹሎም ጽቡቕ ከምዝገበረን፡ ከምዘሕወየን . . .

**ምስማክ፡** *"ርእዩከ ማያት"* ማያት ረኣዩኻ . . .

**ወንጌል፡** ርግቢ ኣብ ሊዕሊ ኢይሱስ ተራእየ፡ ንቲ ክሳዕ ሽዑ ከም ወዲ ዮሴፍ፡ ወዲ ለዊ፡ . . . ዚግመት ዝነበረ *"እዚ እቲ ኣነ ዝፈትዎ ወደይ ኢዩ"* ዚብል ድምጺ እግዚኣብሔር ኣብ ሓቀይና መንነቱ ገለጻሉ።

### ድሕሪ ጥምቀት ዘሎ ሰንበት፡

**፩ ንባብ** ፩ ዮሓ 5፡ 6 ኢየሱስ ክርስቶስ ብማይን ብደምን መጸ፡ መንፈስ ከኣ ሓቂ ከምዝኾነ ይምስክር

**፪ ንባብ** "ኣምላኽ ብትእምርትን፡ ብዜድንቕ ነገራትን፡ ብበበይኑ ዝኾነ ተኣምራትን በቲ ከም ፍቓዱ ዚዕድሎ መንፈስ ቅዱስን ገይሩ ኣረጋጊጹልና ኢዩ...

**ምስማክ፡** መዝ 83፡ 6 ወያስተርኢ ኣምላከ ኣማልክት በጽዮን...፡ ኣምላኽ ኣማልኽቲ ኣብ ጽዮን ተራእየ።

**ወንጌል፡** ዮሓ 2፡ 11 ኢየሱስ ነዚ ናይ መጀመርታ ተኣምራት ኣብ ቃና ገሊላ ገበሮ። ክብሩ ከኣ ገለጸ፡ ...

### ፪ይ ሰንበት

**፩ ንባብ፡** ፪ ቆሮ ፪፡ 13-14 *እቲ ንዓናን ንዓኻትኩምን ዜጽንዓና ኣምላኽ ኢዩ፡ ዝቐብኣናውን ንሱ ኢዩ። ናቱ ከምዝኾና ማንተም መፈለጣ ዝገበረልና ኣብ ልብና ዕርቡን መንፈስ ቅዱስ ዝሃበና ንሱ ኢዩ።*

**፪ ንባብ፡** ፩ ዮሓ ፪፡ *እቲ ንኢየሱስ መሲሕ (ክርስቶስ) ምኳኑ ዚክሕድ እንተዘይኰይኑኸ፡ መን ኢዩ እቲ ንሓሳዊ?*

**፫ ንባብ** ግ. ሓ. *ነቶም ካብ ገሊላ ናብ ኢየሩሳሌም ምስኡ ዝደየቡ፡ ሕጂ ከኣ ኣብ ቅድሚ ሕዝቢ ምስክር ኰይኖም ዘለዉ፡ ብዙኅ መዓልቲ ተራእዮም*

**ምስማክ፡** መዝ 117፡ *እግዚአብሔር እግዚእ ኣስተርአየ ለነ...* እግዚኣብሔር ጐይታ ተራእየና ...

**ወንጌል፡** ሉቃ 2፡ 41-ፍጻሜ፡ ኢየሱስ ሕጻን ኣብ ቅድሚ መምሕራን ሕግን ኪምህሮምን ኪሰምዓምን ኬድንቆምን ይገልጽ።

## ኣብ ፫ይ ሰንበት

**፩ ንባብ፡** ሮሜ 1፡ 4፡ *ካብ ምውታት ብምትንሳኡ ድማ ብመንፈስ ቅድስና ወዲ ኣምላኽ ምዃኑ ብኃይሊ ዝተጋህደ ኢየሱስ ክርስቶስ ጐይታና ኢዩ።*

**፪ይ ንባብ** ፩ጴጥ 1፡ 13፡ *"ተስፋኹም ብምልኡ ኣብቲ ኢየሱስ ክርስቶስ ምስ ተገልጸ እትረኽቡዎ ጸጋ ይኹን።"*

**፫ ንባብ** ግ.ሓ. 19፡ 1-12 *ብዛዕባ ምውራድ መንፈስ ቅዱስን ብህያባት ትንቢትን ብቋንቋታት ምዝራብን ከምዝተገልጸ።*

**ምስማኽ** መዝ. 47፡ 8 *"በከመ ሰማዕነ ከማሁ ርኢነ ..."* ከምቲ ዝሰማዕናዮ ከምኡ ርኢና

**ወንጌል፡** ሉቃ 2፡ 36 - 42 ነቢይት ሃና ንኢየሱስ ከምዝመስከረትሉ

## ኣብ ፬ይ ሰንበት

**፩ይ ንባብ** ዕብ 12፡ 14 *ብዘይቅድስና ንኣምላኽ ዚርእዮ ሓደ እኳ የልቦን ...*

**፪ይ ንባብ፡** ፪ ጴጥ ፩ -19 *ከምቲ ኣብ ጸልማት ዚበርህ መብራህቲ ጌርኩም እንተኣስተብሂልኩምሉ ጽቡቕ ትገብሩ . . .*

**፫ይ ንባብ** ግ. ሓ. 7፡ 29 - 35 *መልኣኽ ብዚነድድ ኣሻዅ ቈጥቋጥ ተራእዮ ...*

**ወንጌል** ዮሓ 10፡ 34 - *መፈጸምታ፡ ነቲ ኣቦ ዝቀደሶን ናብ ዓለም ዝለኣኾን ወዲ ኣምላኽ ኢየ ስለዝበለኩም ትጸርፍ ኣሎኻ ትብልዎ። ... ነቲ ዝገብሮ ዘሎኹ ተኣምራት ርኢኹም እመኑ...*

## ኣብ ፭ ሰንበት

**፩\ ንባብ** ገላ 4፡ 21 - ፍጻ፡

**፪ ንባብ** ፩ ጴጥ ፪፡ 1- 9፡ *እቲ ጻድቕ በቲ ዝርእዮን ዚሰምዖን ዝነበረ ግብሪ ዓመጻ ይሳቐ ነበረ . . .*

**፫ይ ንባብ** ግ.ሓ. 5፡ 17 - 29

**ሉቃ** 2፡ 42 - መፈጸምታ

## ፮ይ ሰንበት (መርዓዊ)



**፩ ንባብ** ሮሜ ፱፡ 1 - 17፡ *"ኃይለይ ኣባኻ ክርኢ፡ ስመይ ከኣ ኣብ ኵሉ ምድሪ ኪፍለጥ ኢየ ዘተንሣእኩኻ..."*

**፪ ንባብ** ግ.ሓ. ፲፩፡ 1 - 19 *ከምቲ ንኣና ብጐይታ ብኢየሱስ ክርስቶስ ምስ ኣመና ዝሃበና፡ ኣምላኽ ማዕረና ገይሩ ህያብ ካብ ሃቦም፡ ኣነ ደኣ ክኽልክሎ ዝኽእል ኣንታዋይ ከ1ይነ ኢየ"*

**ወንጌል** ዮሓ 4፡ *ማይ ኣስትይኒ ዚብለኪ መን ምዃኑ እንተትፈልጢ*

ኣብዚ ጊዜ እዚ እቲ ኣብ በዓል ጥምቀት ኣውክእ ኣቢሉ ዝገደፎ ትምህርቲ (ከም፡ ንኣብነት፡ ወልደ ኣምላኽ፡ መድኃኒ ዓለም፡ ቅቡዕ ልኡኽ ወይ መሲሕ ኣምላኽ ዝኾነ መንነት ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ከምኡ ጥምቀትን ፍሬታቱን (ከም ቅብዓትን ህያባትን መንፈስ ቅዱስ፡ ተልእኮ ኣማላድነት *(ክህነት)* ምስክርነት *(ትንቢት)* ተወፋይነት *(ንግስነት))* ይቕጽሎን የዕምቖን።

ስለዚ በዚ ጊዜ ንሕጻን ኢየሱስ ብዕድመን፡ ብጥበብን ብጸጋን ኣብ ናዝሬት ዚዓቢ ዝነበረ መሲልና፡ ትምህርቲ ሃይማኖትና እናዕመቖና፡ ክንዓቢ ንጽዋዕ። ቤተክርስትያን ንኢየሱስ ክትጥምቶ እንከላ፡ "ያፍ ፀዓዳ፡ ንጉሥ ኣንበሳ፡ ወልድ ወሬዛ ተጠምቀ በማይ። ተናገሮሙ ሰላመ ወኣፍቀሮሙ ፈድፋደ።" *"ጻዕዳ ርግቢት፡ ኣንበሳ ንጉሥ፡ ምስ ዓበየ ወልድ ብማይ ተጠምቀ፡ ቃል ሰላም ተዛረቦም፡ ብሓቂ ፈተዎም"* እናበለት ተመሲጣ ተስተንትን።

ኣብዚ ኣዋርሕ በዓል ቃና ዘገሊላ፡ ኣስተርእዮ ማርያም ተባሂሉ ዚጽዋዕ በዓል ዕረፍታ ንማርያም፡ በዓል ስምዖን ነቢይ ኣሎ።

ብሓፈሻኡ እዚ ጊዜ እዚ ዘመን ሓጐስን ፍሥሓን ኢዩ። ቤተክርስትያን በዚ ጊዜ ከምዚ ኢላ ትዝምር፡ *"ንትፌሳሕ በልደቱ ወንትሓሠይ በኣስተርእዮቱ፡ ዘከመ ዝኬ ልደቱ ለክርስቶስ እምድንግል"* *"ሖረ ኢየሱስ በትፍሥሕት ወስተ ከብካብ፡ እንዘ ይገብር ተአምረ ወመንክረ በውስተ አሕዛብ።"* *"ኣስተርአየ ዘኢያስተርኢ፡ ወርኢነ ብዕለ ስብሓቲሁ፡ ርእዩከ ማያት እግዚኦ..." "በፍሥሓ ወበሰላም ሠርዐ ሰንበተ ለዕረፍት፡ በዮርዳኖስ ተጠምቀ። "ኣኃውየ በትፍሥሕት ንግበር በዓልነ፡ እስመ ኣስተርአየ ኣአኢያስተርኢ፡ ክርስቶስ ጸሓየ ጽድቅ ኣስተርአየ"።*

ከምኡ ከኣ ጊዜ ምስጋና ኢዩ፡ *"ወንሕነኒ ንጸርሕ ኀበ ብርሃን እንዘ ንብል፡ ስብሓት ለእግዚኣብሔር በሰማያት ወሰላም በምድር ሥምረቱ ለሰብእ"።* "ኢየሩሳሌም ትቤ፡ ኢየሩሳሌም አእኰተቶ ..."

ጊዜ መርዓን ጓይላን ኢዩ፡ ቀዳምን ሰንበትን ኣብ ኣሥመራ ካብ ገዛ ወጺእካ ናብ ዝኾነ ቦታ ክትከይድ ክልተ ወይ ሠለስተ ዳስ ከይረኸብካ ኣይትምለስን።

ኣብዚ መንፈሳዊ መምርሒ ተመርኲስና እምበኣር፡ በዚ ቅዱስ ዘመን መንፈስና ብጸጋ ጥምቀትና ነሓድሶ፡ መብጽዓ ጥምቀትና ዓው ኢልና ንድገሞ። ነቲ ከም ማይ መቐረት ዝሰኣነ መንፈሳዊ ሕይወትና ናብ ወይኒ ሓጐስ ኪልውጠልና ናብ ኣምላኽ ንለምን። መልእኽቲ ናብ ዕብራውያን ከም ዚብሎ፡ *"ከይንጠፍእ፡ ናብቲ ዝሰማዕናዮ እዚና ክንቕልብ ይግባኣና ኢዩ። ... ክንደዚ ዚዓቢ ምድኃን ዕሽሽ ክንብል ከሎና ከመይ ገርና ክንመልቕ ንኽእል፡ እዚ እቲ ብመጀምርታ ብጐይታ ዝተነግረ ድኅነት ኢዩ ... ኣምላኽ ድማ ብትእምርትን ብዜድንቕ ነገራትን ብበበይኑ ዝኾነ ተኣምራትን በቲ ከም ፍቓዱ ዚዕድሎ መንፈስ ቅዱስን ገይሩ ኣረጋጊጹልና ኢዩ።"* ጸጋ ጥምቀትና ደቂ ኣምላኽ ስለዝገበረና፡ ኣብ ክህነትን ትንቢትን ንግሥን ክርስቶስ ኣካፊሉና ኢዩ እሞ፡ ቅቡኣት ብምዃና ድኅነት ዓለም ክንእውጅ ንዝለኣኸና ክርስቶስ ደው ክንበለሉ የብቅዓና።